Hessisches Ministerium
für Soziales und Integration

HESSEN

# ተጠንቀቑ እዋናዊ ሓዲሽ ሓቤረታ! ዕለት 23.3.2020

ፈደራላዊ መንግስትን ክፋል ሃገራትን ነቲ ብዕለት 12 የካቲት ዝተወሰነ ቅጥዕታት ብርክብ ኣብ ምንን ሰባት ምሕጻርን ገደብ ምግባርን ንኽሰፍሕ ተረዳዲኦም ኣሎዉ። እዚ ድማ ዋላ ኣብ ሄሰን ተግባራውነት ይህልዎ:

1. ነበርቲ ናይዚ ሃገር ርክባቶም ምስ ካሎኦት ሰባት ኣካል ናይ ስድራ-ቤቶም ዘይኮኑ ክራኸቡ ሕጹር ኣብርእሲ ሙኳን፣ ርክባት ኣብ ኣዝዩ ኣድላዩ ዝኾነ ትሑት ደርጃ ክንኪ ወይ ክጎድል ይግባእ።

2. ኣብ ምዓልታዊ ህይወት ኣብ መንጎ ህዝቢ፣ ብዝተኻእለ መጠን ምስቶም ኣብ ትሕቲ ቁጽሪ 1. ዝተጠቕሱ ሰባት ብዉሑድ ኣብ ዝግበር ርክባት ናይ 1,5 ሜትሮ ርሕቀት ክህሉ ይግባእ።

3. ኣብ ምዓልታዊ መነባብሮና ኣብ መንጎ ህዝቢ ኣብ እንርከበሉ እዋን ወይ ንበይንና ጥራሕ፣ ወይ ምስ ሓደ ኣካል ናይ ምሳና ዝነብር ዘይኮነ ሰብ ወይ ድማ ፈላጢ ናይቶም ምሳና ዝነብሩ ሰባት ብሓንሳብ ክንርከብ ፍቑድ ይኸውን

4. ንስራሕ ምኻድ፣ ንኣብ ኣድላዩ ምእላይ ዝድለየሉ፣ ኣስቤዛ ካብ ቤት ምሸጣ ንምግዛእ፣ ናብ ሓኪም ምኻድ፣ ንናይ ስራሕ ኣኼባ ንምክፋል ምኻድ፣ ኣድላዩ ቆጸራታትን መርመራታትን፣ ንኻሎኦት ሰባት ንምሕጋዝ ወይ ስፖርት ንምግባርን ወይ ምንቅስቓሳት ደገ ንፋስ ንምውሳድ ከምኡውን ኣድለይቲ ስራሓት ንምክንዋን ርዱእ ይኸውን ቀጻሊ ክግበር ከምዝክኣል።

5. እኩባት ሰባት ድግስ ወይ ፌስታ ኣብ ዕላዊ ናይ ህዝቢ መኣከቢታት፣ ኣብ ገዛ ወይ ኣብ ናይ ውልቂ ዝተሰናደወ ቦታታት ምስዚ ዘሎ ኩነታት ኣብ ሃገርና ክገብሩ ቅቡል ኣይክኸወንን ኢዩ። ምጥሓስ ናይዚ ምሕጻርን ምድራትን ናይ ርክባት ብናይ ምምሕዳር ዓቀብቲ ስርዓትን ፖሊስን ምትግባሩ ክሕሎ ኣብርእሲ ምኳኑ ነዚ ምጥሓስን ዘይምኽባርን ናይ መቕጻዕቲ ሳዕቤን የኸትል።

6. ስራሓት ቤት-መግቢ ዕጹው ክኸውን ይግባእ። ካብዚ ወጻኢ ዝኾነ ተኽእሎ ክህሉ እንተኾይኑ ግን መግቢ ምብጽጻሕን ሒዝካ ንምኻድ ዝበቅዕ መግቢ ወሲድካ ምኻድ ናብ ገዛ ኹንካ ንምብላዕን ፍቑድ ይኸውን።

7. ኣብ ኣካላዊ ክንክን ኣገልግሎት ዝህቡ ከም ኣንዳ ቀምቃማይ፣ መማላኻዒ ስቱዲዮታት፣ ማሳጅ ዝግበረሉ፣ መወቀጢ ስቱዲዮታትን ማለት ታቱ ዝግበረሉ ከምኡውን ከምዚታት ዛኣመሰሉ ወሃብቲ ኣገልግሎት ስራሓትን ዕጹዋት ክኾኑ እዮም፣ ምኽንያቱ ኣብዚ ሸነኻትዚ ኣካላዊ ምቅርራብ ናይ ግድን ስለ ዝኾነ። ኣድላዩ ሕክምናዊ ናይ ምእላይ ኣገልግሎት ብቐጻሊ ዝካኣል ኮይኑ ይተርፍ።

8. ኣብ ኩሉ መዳያት ስራሕ ብፍላይ ኣብ ህዝባዊ መጓዕዝያ ኣገዳሲ ይኸውን፣ ናይ ጽሬት ኣገባባት ንኽሕሎ ምግባርን ከምኡ ድማ ኣድማዒ ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ንሰራሕተኛታትን ንበጻሕቲን ኣብ ግብሪ ምውዓልን።

9. እዚ ተወሲዱ ዘሎ ስጉምቲ ኣንተወሓደ ተግባራውነቱ ንክልተ ሰሙን ከምዝቅጽል ክግበርዩ።

ካልእ ተወሰኻኢ ሓቤረታታት ብዋጋ ዘይሓትት ወይዘይክፈሎ ውዑይ መስመር ኣብ ትሕቲ **ቁጽሪ ቴለፎን**: 0800 555 4 666 **ክትረኽቡ ትኽእሉ፣ ካብ** 8 **ክሳብ ሳዓት** 20 **ወይ ሸሞንተ ናይ ምሸት ክድወል ድማ ይካኣል። ከምኡ ድማ ሓቤረታትት ኣብ APP HessenWARNን ናይ ኢንተርኔት** [www.Hessen.de](http://www.Hessen.de) **ገጽ እንዳን ቀሪቡ ይርከብ።**